Elim HOUSING | Homes that change people's lives

ብራየርላንድስ ኦፊስ ፓርክ
መንገዲ ግሎስተር
ሩጅዌይ
ብሪስቶል BS35 3QH

T: 01454 411172
W: www.elimhousing.co.uk

**ኣቦ መንበር፥** ሳሊ ሜሰን MSc
**ዋና ፈጻሚ ስራሕ:** ፖል ስሚዝ CIHCM

30 ሓምለ 2025

**ዝኸበርካ/ኪ ዓሚል**

ብዛዕባ ማሕበር ኣባይቲ ኤሊም ምስ ፕሌስ ፎር ፒፕል ክትውሃሃድ ዝብል እማመና ርእይቶኹም ንምሕታት እየ ዝጽሕፍ ዘለኹ። እዚ እንታይ ማለት ምዃኑ ኣብ ታሕቲ መብርሂ ኣቕሪብና ኣለና።

እዚ ደብዳበ እዚ ምጅማር ናይቲ ብዕለት 10መስከረም 2025 ዝውዳእ ናይ ሽዱሽተ ሰሙን ናይ ምምኽኻር ግዜ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ብዛዕባ እቲ ዝቐረበ ውህደት ዝያዳ ክትፈልጡ፡ ዝኾነ ሕቶታት ከተልዕሉን ነቲ ምምኽኻር ብዝተፈላለየ መንገዲ ክትምልሱን ትኽእሉ ኢኹም። ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብቲ ምስዚ ደብዳበ ተተሓሒዙ ዘሎ *'ሓበሬታ ውህደት'* ክትረኽቡ ኢኹም።

**ናይ ውህደት ሓሳብ**

ውህደት ዝፍጸም ክልተ ወይ ልዕሊኡ ትካላት ሓደ ሓድሽ ትካል ንምፍጣር ምስ ዝጽንበሩ ወይ ድማ ሓደ ንእሽቶ ትካል ናብ ዝዓበየ ትካል ምስ ዝጽንበርን ትሕተ ቅርጺ ናይቲ ዝዓበየ ትካል ምስ ዝኸውንን እዩ።

ናይ ውህደት ስምምዕ ክንኣቱ ሓሳብ ነቕርብ ኣለና እዚ ማለት ድማ ማሕበር ኣባይቲ ኤሊም ኣብ ታሕሳስ 2025 ፕሌስ ፎር ፒፕል ትሕተ ቅርጺ ክኸውን እዩ እንጽውዕ። ኣብ ፈለማ ስምን ምልክትን ማሕበር ኣባይቲ ኤሊምና ምሓዝን፣ ኣብ ዝቕጽሉ ክልተ ዓመታት ድማ ምሉእ ብምሉእ ዝተዋሃሃደ ኣካል ጉጅለ ፕሌስ ፎር ፒፕል ክንከውን ንጽበ። ኤሊም ትካል ፕሌስ ፎር ፒፕል ክኸውን ከሎ፡ ከምዚ ሕጂ ንገብሮ ዘለና ስራሕ ክንቅጽል ኢና። ይኹን እምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን እዚ ክንገብሮ ዘይካኣልናዮ፥ ንቐጻሊ ግና ፕሌስ ፎር ፒፕል ዝህቡና ዝያዳ ጸጋታት ክንረክብ ንኽእል ኢና ። እዚ ድማ ከም ትካል ብቕዓትና ንምምሕያሽ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛውትና ዝግበር ወፍሪን ኣገልግሎት ዓማዊልናን ንምዕባይ ክሕግዝ እዩ።

ኣብ ኣባይቲን ኣገልግሎታትን ዝያዳ ኢንቨስትመንት ንምግባር እዩ፡ ኤሊም ምስ ፕሌስ ፎር ፒፕል ንምውህሃድ ዝሓሰበሉ ቀንዲ ምኽንያት እዩ። ኤሊም ዓቢ ድሌት ዘለዎ ትካል ኮይኑ፡ ብታሪኽናን ገዛውትናን ኽኢላታት ግልጋሎታትናን ኣብቲ እንሰርሓሉ ከባቢታት ብዘምጽኦ ለውጢ ንሕበን። ልዑል ፅሬት ዘለዎም ገዛውቲ፣ ኣባይትን ደገፍን ግልጋሎት ምሃብ ክንቅፅል ከም እንኽእል ከነረጋግፅ ንደሊ። ። በዚ ዘሎ ህሉው ቁጠባዊ ሃዋህው ንበይንና ህርፋንና ንምዕዋት እናኸበደና እዩ ዝኸይድ ዘሎ። እቲ ዝቐረበ ውህደት፡ ካብቲ ፕሌስ ፎር ፒፕል ክህቦ ዝኽእል ዝዓበየ ጸጋታት ክንጥቀም ንኽእል ኢና ማለት እዩ። ጽሬት ገዛውትኹም ንምምሕያሽ፡ ዝያዳ ሓደስቲ ገዛውቲ ንምህናጽን ግልጋሎት ንምምሕያሽን ካብቲ ንሕና ጥራይ እንኽእሎ ንላዕሊ ብቕልጡፍ ክሕግዘና እዩ። ።

## እቲ ናይ ውህደት መሻርኽቲ ክኸውን ዝኽእል፡ ፐሌስ ፎር ፒፐል

ኣብ መስርሕ ምምራጽ ናይ ውህደት መሻርኽቲ፡ ቦርድ ኤሊም ንሓያሎ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣብ ግምት ኣእትዩ ኔሩ። ንኹሎም ዓማዊል ኤሊም ዝያዳ ንምቕራብ ዝሕግዝ መጠን፣ ጸጋን ተስፋን ዘለዎ ትካል እዩ ኢልና ስለንኣምን ኢና ፐሌስ ፎር ፒፐል ዝመረጽና። ፐሌስ ፎር ፔፐል እውን ንሕና ከም ንሰርሖ ኣብ ሓደ ዓይነት ቦታታት ይሰርሑ እዮም። ኣብ ግልግሎት ደገፍ ገዛ ኣልቦነት ብሓባር ናይ ምስራሕ ጽቡቕ ተመክሮ ኣለና።

## ረብሓ ናይቲ ዝቐረበ ውህደት

እቲ ዝቐረበ ውህደት ንዓማዊል ኤሊም ረብሓታት ክህብ እዩ፤

- ፐሌስ ፎር ፒፐል ኣብ ኣባይቲ ኤሊም ወፍሪ ክገብር'ዩ። እዚ ማለት ገለ ተደናጒዮም ዝጸንሑ ትልሚ ዘለዎም ፕሮጀክትታት ጽገና ሕጂ ክቐርቡ ይኽእሉ ማለት ክኸውን እዩ። እዚ ድማ ነቲ ናይ ገዛውቲ ጥዕናን ሓድሽ ደረጃታት ከም እንፍጽም ዘረጋግጽ ናይ ጥገናን ኢንቨስትመንትን መደብ ከነቕርብ እውን ይሕግዘና ።ብተወሳኺ ፅሬት ኣባይቲ ዘመሓይሽን ሓደሽቲ ደረጃታት ከምዘማልእ ዘረጋግፅን ናይ ፅገና ግልጋሎትን ናይ ኢንቨስትመንት ፕሮግራምን ንምቕራብ ዘኽእለና እዩ።
- በዓል ዋና ገዛኻ ንምምራሕ ኣብ ምሕጋዝ ክትሳተፍ ዝያዳ ዕድላት ክህሉ እዩ። ዓማዊል ኣብ መዓልታዊ ኣወሃህባ ኣገልግሎትን ብደረጃ ቦርድን ንኽስምዑ ንተሳትፎ ዓማዊል ተወሳኺ ደገፍ ክህሉ እዩ።
- መጠን ስፍሓት ኣገልግሎት ፐሌስ ፎር ፒፐል ብዝሒ ዝውንንዎን ዘመሓድሩዎን ገዛውትን ብዙሓት ተወሳኺ ዓማዊል ኤሊም ኣብ ከባቢኦም ዝመደበሮም ኣገልግሎታትን ኮንትራክተራትን ክረኽቡ ክኽእሉ እዮም ማለት ክኸውን እዩ።
- ኤሊም ንግዲ ንምምራሕ ዝሕግዘና ካብ ጉጅለ ፐሌስ ፎር ፒፐል ዝኸውን ደገፍ ክረክብ ክኽእል እዩ። እዚ ድማ ዝተመሓየሹ ስርዓታት ኣይቲን(IT) ዕድላት ስልጠናን ምልመላን ንምርካብ ክሕግዘና እዩ። እዚ ድማ ነቲ እንህቦ ሻልጋሎት ንምምሕያሽ ይሕግዘና እዩ ።

ኤሊም ትካል ፐሌስ ፎር ፒፐል ክኸውን ከሎ፡ ኩሎም ኣገልግሎታት ከም ጸብጻብ ጽገናታት፡ ክፍሊት ክራይን ኣገልግሎትን ምኽፋል ወይ ምስ ናይ መንበሪ ገዛኻ ወይ ዝድገፍ ኣባይቲ ጋንታኻ ጉዳያት ምልዓል ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት፡ ካብ ዝጸንሑ ኣብያተ ጽሕፈት ብዝመጹ ሰራሕተኛታት ክቕጽሉ እዮም። እዚ ድማ ኩሉ ኣገልግሎታትናን ምስ ዓማዊል ዘለና ዝምድናን ዋላ እኳ እዚ ናይ ለውጢ እዋን እንተኾነ ብዘይ ገለ ጸገም ንኽቕጽል ክሕግዝ እዩ።

እዚ እማመ ኣብ ውሕስነት መንበሪ ገዛ ወይ ምስ ማሕበር ኣባይቲ ኤሊም ዘለካ ናይ ክራይ ስምምዕ ዝኾነ ለውጢ ኣየምጽእን እዩ። ኤሊም ሃውዚንግ ሕጂ ውን ብዓል ዋና ገዛኹም ይኾን። ኣብዚ እዋን እዚ ኤሊም ትካል ፐለይስ ፎር ፒፐል ብምዃኑ ናይ ዋንነት ገዛኻ ምስግጋርን ኣብ ውዕላት ክራይ ወይ ሊዝካ ዝኾነ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ። እቲ ውህደት ኣብ ክራይ ገዛኻ ለውጢ ዘየምጽእ ኮይኑ፡ ክራይ ገዛኻን ክፍሊት ኣገልግሎትን ብተመሳሳሊ መንገዲ ክሕሰብን ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ጥራይ ክውስኽን እዩ።

## ንመማኸሪ ውህደት ምላሽ ምሃብ

ብዛዕባ እቲ ናይ ውህደት እማመ ዝያዳ ክትፈልጡ፡ ሕቶታት ክትሓቱ ወይ ነቲ ምምኽኻር ብዝተፈላለየ መንገዲ ክትምልሱ ትኽእሉ ኢኹም ፡-

<u>ብኣካል ወይ ብኢንተርነት ዝግበር ኣኼባታት</u>

ኣብ ሓደ ካብቲ ብኢንተርነት ወይ ብኣካል ዝግበር ኣኼባታትና ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብኡ ብዛዕባ እቲ ውህደት ካብ ናይ ኤሊም መሪሕነት ኣባል ክትሰምዑን ርእይቶ ክትህቡን ወይ ሕቶታት ክትሓቱን ዕድል ክትረኽቡ ኢኹም።

| **ዕለት** | **ግዘ** | **ቦታ / ዝርዝር** |
|---|---|---|
| 20 ነሓሰ 2025 | ሰዓት 6:00 - 7:00 ድሕሪ ቀትሪ ፡<br>ብኢንተርኔት | ናይ ኢንተርነት ኣኼባ (ኣብ መርበብ ሓበሬታና ዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ www.elimhousing.co.uk ) |
| 20 ነሓሰ 2025 | ሰዓት 12:00 - 2:00 ድሕሪ ቐትሪ ፡<br>ብኣካል ብምርካብ ክፍለ ግዜ | **ብሪስቶል**<br>ሃሚልተን ሃውስ ፡ 80 ስቶክስ ክሮፍት ፡ ብሪስቶል ፡ BS1 3QY |
| 21 ነሓሰ 2025 | ሰዓት 12:30 - 2:30 ድሕሪ ቐትሪ ፡<br>ብኣካል ብምርካብ ክፍለ ግዜ | **ግሉስተር**<br>ማእከል ሬድዌል ፡ ሮድ ሬድዌል ፡ ማትሰን ግላስተር GL4 6JG |
| 4 መስከረም 2025 | ሰዓት 12:00 - 2:00 ድሕሪ ቐትሪ ፡<br>ጉዕዘ ምምኽኻር | **በርሚንግሃም**<br>ጆን ስሚዝ ሃውስ ፡ 62 ፕሬድ ፡ በርሚንግሃም B1 3QQ |
| 4 መስከረም 2025 | ሰዓት 6:00 - 7:00 ድሕሪ ቀትሪ ፡<br>ብኢንተርኔት | ናይ ኢንተርነት ኣኼባ (ኣብ መርበብ ሓበሬታና ዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ www.elimhousing.co.uk ) |

ኣብ ናይ ኤሊም ደገፍ ናይ ገዛውቲ መደብ ትነብር እንተ ኼንካ ፡ ሰራሕተኛታት ኤሊም ከም ኣካል ናይ ገዛ ኣኼባታት ብዛዕባ እቲ ውህደት ሓሳብ ርእይቶታት ክትህብ ዕድል ይህበካ ።

ኣብ ሓደ ካብቶም ብኤሊም ዝውነኑ ናይ ጂፕሲን ትራቨለርን ሳይታት ትነብሩ እንተኾይንኩም፡ ሓለፍቲ ኣባይቲና ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዝግበር ስሩዕ ናይ ሳይት ምጉዓዝ ርእይቶኹም እውን ክሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ሓፈሻዊ ድሌታት ኣባይቲ ትነብሩ እንተኾይንኩም ሓለፍቲ ኣባይቲና ከም ኣካል ናይቲ ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ማዕጾ ፕሮጀክትና ንኹሎም ዓማዊል ምብጻሕ ይቕጽሉ ኣለዉ፣ ኣብዚ ናይ ገዛ ምብጻሕ እውን ርእይቶ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።

<u>መርበብ ሓበሬታ፡ ብተሌፎን ወይ ብኢመይል ርእይቶ።</u>

ኣብ ናይ ምምኽኻር ኣኼባ ዘይምስታፍ እንተደሊኹም፡ በዚ ዝስዕብ መገድታት እውን ርእይቶኹም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ ፡-

- ኣብ መርበብ ሓበሬታና ናይ ምትእኽኻብ ናይ ምይይጥ ቅጥዒ ብምምላእ ፡ www.elimhousing.co.uk

- ብቑጽሪ ስልኪ 01454 411172 ብምድዋል – ምስ ሓላፊ ኣባይትኩም ወይ ምስ ዝኾነ ኣባል ናይ ኤሊም መሪሕነት ጉጅለ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኢመይል Www.elimhousing.co.uk
- ናብ ራሄል ፒንቺን ፡ ምክትል ዋና ኣካያዲ ስራሕ ፡ ኤሊም ሃውስ ፡ ኣሃዱታት 3ን 4ን ፡ ፓርክ ቤት ጽሕፈት ብሪያርላንድስ ፡ ሩጅዌይ ፡ BS35 3QH ጽሓፉ

ድሕሪ ምዝዛም እቲ ምኽክር ብዕለት 10 መስከረም 2025፡ ጽማቕ ርእይቶ ዓማዊል ብቦርድ ኤሊም ክግምገም እዩ። ብድሕሪ እዚ ንዓማዊል ጽማቕ ናይቲ ርእይቶ፡ ውጽኢት ናይቲ ምምኽኻርን ዝኾነ ዝተለዓል ሕቶታት ብኸመይ ከም እንፈትሖን ክነዘርበም ኢና። እዚ ንኹሎም ዓማዊል ኣብ መርበብ ሓበሬታናን ብደብዳቤን ክቐርብ እዩ።

ቀዳማይ ምዕራፍ ናይቲ ውህደት ዕዉት ኮይኑ ኤሊም ትካል ፕለይስ ፎር ፒፕል እንተኾይኑ፡ ኣብ 2026 ካልኣይ መስርሕ ምምኽኻር ዓማዊል ክህሉ እዩ። እዚ ድማ ኤሊም ምስ ጉጅለ ፕሌስ ፎር ፒፕል ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምውህሃዱ ርእይቶኹም ንምርካብ ተወሳኺ ዕድል ክህበኩም እዩ።

**የቐንየልና።**

ግዜ ወሲድኩም ነዚኣ ስለ ዘንበብኩማ ነመስግነኩም።          እቲ ናይ ውህደት እማመ ንኤሊም ኣገዳሲ ለውጢ ዘመልክት እዩ። ንዓማዊል ኤሊም ረብሓ ከም ዝህብን ንቐጻሊ ድሌት ኣባይቲ ንምምላእን ህይወት ሰባት ዝቕይር ገዛውቲ ንምቕራብን ክሕግዘና ምኳኑ ኣወንታዊ እዩ።

ነዚ ናይ ምምኽኻር መስርሕ ተጠቒምኩም ዝኾነ ሕቶታት ወይ ስክፍታታትኩም ከተልዕሉ ተስፋ እገብር፡ ኣብ ዝቕጽሉ ሽዱሽተ ሰሙናት ድማ ብዛዕባ እቲ ውህደት ሓሳባትኩም ክቕበል ብሃንቀውታ ንጽበ።

ኣኽባሪኹም፣

ፖል ስሚዝ<br>
ዋና ኣካያዲ ስራሕ ፡ ኤሊም ሃውስ